ሃገራዊ ሽማግለ ኤርትራውያን ጀርመን ም.ማ.

المجلس الوطني لل الاريتريين في ألمانيا

ZENTRALRAT DER ERITREER IN DEUTSCHLAND e.V.

Unser Zeichen: ZRED e.V.00373/2020

E. Mail: zred.zent@gmail.de

Datum: Wiesbaden, den 27.03.2020

# መኸተ ኣንጻር ለበዳ ኮሮና ቫይረስ - ኤርትራውያን ኣብ ሃገረ ጀርመን

## ERITEA COVID-19 Spende – Germany

ለበዳ ሕማም ኮርና ቫይረስ ንዓለም ኣብ ዘተሓሳስብ ጥዕናውን ደሕነታውን ስግኣት ሸሚምዋ'ሎ። ዛጊት ቅዝፈት-ህይወት ዓሰርተት ኣሽሓት ኣስዒቡ፣ ቁጽሪ ዝተለኽፉ ሰባት ድማ እንዳተራበሐ ብዘየላቡ ናህሪ ይውስኽ ኣሎ። ብዘይካ'ቲ ዘውርዶ ዘሎ ሰብኣዊ ዕንወት፣ ንቡር ዕለታዊ መነባብሮ ሓሪሙ፣ ቁጠባውን ንግዳውን ምንቅስቓስ ብምሕናቕ፣ ዓለማዊ ቁጠባዊ ቅልውላው ከም ዘስዕብ ኣሚቱ'ሎ። ኮሮና ቫይረስ ዶብ ሰለዘይፈሊ፣ ኣብ ከባቢና ከንጸላሉ ድሕሪ ምጽናሕ ኣብ ኤርትራው'ን ድሮ እግሩ ኣንቢሩ'ሎ።

ኣብ ከምዚ ዘይሙእሙእ ህሞት፣ ኩሉ ኤርትራዊ ነባሪ ጀርመን ናይ ገዛእ ርእሱን ስድራቤቱን ሰሃሮን ሻቕሎት ኣጸጊዑ፣ በቲ ዝፈትዎ ህዝቡን ሃገሩን ከሽቑረርን ከሓልን፣ ካብኡ ሓሊፉ ድማ ተበግሶታት ክወስድ ክትርኢ፣ ኣዝዩ ዘሕብንን ንብሉጽ ኤርትራዊ ክብርታት ዘንጸባርቕ'ዩ።

እዚ ነዊሕ ሰረት ዘለዋ ጭዋ ባህሊ ዲያስፖራ፣ ኣብ ጀርመን ጥራይ ዘይኮነ ኣብ ምሉእ ዓለም ብግሉሕ ዝረኤ ዘሎ ምልክት ሓድነትን ሓያል ሃገራውነትንዩ።

ብፍላይ እዚ እዋን'ዚ ንኹሉ ኤርትራዊ ፖለቲካዊ ጠመትኡ ኣወንዚፉ : ብሓድነት ሰሚሩ ንህዝቡን ሃገሩን ካብዚ ተላባዕን ኣጽናቲ ሕማም ኮሮና ቫይረስ ኢደይ ኢድካ ኢሉ ዝብድሀሉ ናይ ኩሉ ኤርትራዊ ዕማም ምኳኑ ኢዩ።

መንግስቲ ኤርትራን ጥዕናዊ ትካላቱን ንለበዳ ኮሮና ቫይረስ ገቲኦም ድሕነት ህዝቦም ንምዕቃብን፣ ብኣግኡ ዝንኣድ ምቅርራባት ጌሮም ዓቕሞም ኣዋዲዶም ብዕቱብ ይሰርሑለ'ዉ። እዚ ክስተት ግን ንብዙሓት ዓበይትን ሰብ ጸጋ ሃገራትን፣ ንሃገራዊ ስርዓተ-ጥዕንኣንን ቁጠባዊ ትካላቶምን ኣብ ደንደስ ኩርማሻ ኣብጺሑ፣ ዓቕመን ብምጽንቓቕ ከንበርክኽን ዝደናደን ዘሎ ናይ ዘበና ደርማስ ብደሆ፣ ኩሉ ዝግንዘቦን ዝርእዮን ዘሎ ጉዳይ ኮይኑሎ። ብመንጽር'ዚ ንንሃገርና ኣብ ርእሲ ሰኽማ ካልእ ተወሳኺ ኩለንትናዊ ከቢድ ጾር ከምዘስክማ ርእሰ-ግሉጽ'ዩ።

ሃገራዊ ሽማግለ ኤርትራውያን ጀርመን ም.ማ.

المجلس الوطني لل الاريتريين في ألمانيا

ZENTRALRAT DER ERITREER IN DEUTSCHLAND e.V.

ነዚ „ኣጀኻ ጥራይ በለኒ ዝገበሮ‘ሎኒ„ ዝብል፣ ዝተፈላለዩ ብድሆታትን ውዲታትን ሰጊሩ፣ ብመዳርግቲ ኣልቦ ጽንዓትን መስዋእትነትን፣ ሰላም ኣምጺኡ፣ ኣብ ሓድሽ ትስፍው መድረኽ ዘብቅዓና ህዝብን መንግስትን ኤርትራ፣ ኣብ ምግታእ‘ዚ ተላባዒ ቫይረስ ዝሕግዝ ነቲ ተተሓሒዙ ዘሎ መደባት ምክልኻል ዝድርዕ፡ ንናውቲ ሕክምናን ካልእ ምስኡ ዝኸይድ ወጻኢታት ዝሸፍን ፋይናንሳዊ ወፈያ ብምግባር እጃምና ከነበርክት ምድንጓይ ዘይፍቕድ ታሪኻውን ዜግነታውን ሓላፍነትና‘ዩ።

ነዚ እዋናውን ሰናይን ተበግሶታት ዜጋታት ብኣድማዕን ንሰፊሕ ተሳተፍነት ዕድል ዘርሑን መንገዲ፣ኩሉ ኤርትራዊ ብወኑን ንቕሓቱን <u>ክብደት ናይዚ ብድሆ</u> ኣብ ግምት ብምእታው ብድልየቱን ዓቕሙን ብዘፍቕዶ ንኸሳተፍ ብደረጃ ጀርመን፣ተወሃሂዱ ብዘይ ወዓል ሕደር ኣብ ግብሪ ንምውዓሉ፣ ሃገራዊ ሽምግለ ጀርመን ሓይሊ ዕማም መዚዙ‘ሎ። ኣብ ነፍሰ-ወከፍ ከተማታት እውን ብተመሳሳሊ ተማእኺሉ ክስርሓሉ ጀሚሩ ኣሎ።

ነዚ ንምትግባር ኩለን ከተማታት በብዝጸንሐን ተመኩሮ ኣብ ግምት ብምእታው ወፈያታት ዝእከባሉ ድሕሪ ምውዳብ፣ ብጥርኑፍ ናብቲ ብጀርመን ደረጃ ብኤምባሲ ሃገረ ኤርትራ ባንኪ ሕሳብ ክስዕብ ኢዩ።

ለበዳ ኮሮና ግዜ ዝህብ ለበዳ ስለዘይኮነ፡ ቀቅድሚኡ ብምስዳም ሓበሬታ ኣብ ኩሉ ደላይ ሰናይ ኤርትራ ዜጋ ከም ዝበጽሐ ንገብር። እዚ ፕሮጀክት እዚ ክሳብ ዕለት **30.04.2020** ተተግቢሩ ዝተዋጸአ ገንዘብ ኣብ ዝምልከቶ ኣካል ክበጽሕ ኣለዎ።

እዚ ሰናይ ተብግሶ ሰፊሕ ተሳትፎ ሃልይዎ ዕዉት ክኸውን ናይ ነብሲ-ወከፍ ንጡፍ ተሳትፎን ተወፋይነትን ዝሓትት ዕማም ስለዝኾነ እጅገና ንሰብስብ።

ጥዕናን ድሕነትን ልዕሊ ኩሉ!

ሳሾያ ንምምካት ኮሮና ቫይረስ!

Zentralrat der Eritreer
in Deutschland

ሃገራዊ ሽማግለ ኤርትራውያን ጀርመን

ፕሮጀክት መኸተ ኣንጻር ለበዳ ኮሮና ቫይረስ - ኮሚቴ ጎስጓስን ሓበሬታ

AMTSGERICHT WIESBADEN VR 7238

POSTFACH: 110117; 60036 Frankfurt